KREIS VIERSEN

Kommunales Integrationszentrum Kreis Viersen



# ምኽሪ ንወለዲ ቤት-ትምህርቲ

Tigrinisch

# ዝርዝር ትሕዝቶ


ቅድመ ቃል....................................................................4

ግዴታ ትምህርቲ ..............................................................5

ስርዓተ ትምህርትን ኣደብን ኣብ ቤት-ትምህርቲ..................................6

ምሕባር ሕማም / ይቕሬታ .....................................................7

ኣቕሑ ቤት-ትምህርቲ........................................................9

ቁርሲ ጥዕና...................................................................10

ናይ ደገፍ ኣማራጺታት ወለዲ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ...........................11

ደገፍ ኣብ ገዛ.................................................................13

ሓገዛትን ኣማኽርትን ........................................................15


Diese Broschüre liegt in folgenden Sprachen vor: **Deutsch, Englisch, Französisch, Arabisch, Farsi, Rumänisch, Türkisch, Russisch, Tigrinisch, Kroatisch**

# ቅድመ ቃል

## ዝኸበርኩም ወለዲ፣

ኣብ ምዕባለ ቆልዓኦም ተሳቲፎም ዘለው ሰባት ብዙሓት ኣለው ኣብ ቤት-ትምህርቲ።

እዚኦም ዝስዕቡ'ዮም፦

- **ናይ ክላስ መምህር፣ መምህር ፍሉይ መዳይ**
- **መራሒ/ት ቤት-ትምህርቲ፣ ሰክረታሪ**
- **ማሕበራዊ ሰራሕተኛ፣ ኣላይ/ት፣**
- **ኣላይ/ት ገዛ፣ ኣመሓዳሪ/ት ቊጠባ ገዛ፣**
- **ሰራሕተኛታት ጽሬት ከምኡ'ውን ብዙሓት ካልኦት።**

ኩሎም እዚኦም ሰባት ኣካል ጉጅለ ቤት-ትምህርቲ እዮም።

ቆልዓኹም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ምእንቲ ክለማመድ ከምኡ'ውን ብዕዉት ምእንቲ ክመሃር ንክኽእል ብተወሳኺ ሓገዝኩምን ተገዳስነትኩምን የድልዮ እዩ።

ብዛዕባ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ክኸተሉ ዘለዎም ሓፈሻውያን ነገራት ከምኡ'ውን ቆልዓኹም ከመይ ጌርኩም ከምትሕግዝዎ፣ ኣብዚ ሓደክልተ ሓበሬታታት ክትረኽቡ።

**ቆልዓኹም ጥራይ ብሓንሳብ ምሳኹም ሓያል ክኸውን ይኽእል!**

# ግዴታ ትምህርቲ

ኣብ ዞባ Nordrhein-Westfalen ግዴታ ትምህርቲ ኣሎ። ክሳብ ዕለት 30 መስከረም ሽዱሽተ ዓመት ዝዕድሙ ቆልዑ ኣብ ትምህርቲ ክሳተፉ ኣለዎም ማለት እዩ።

እቲ ሓድሽ ዓመተ ትምህርቲ ኩሉ ግዜ ኣብ ሃጋይ ኩሉ ዓመት ይጅምር። እቶም ቆልዑትን መንእሰያትን ብውሕዱ ንዓሰርተ ዓመት ኣብ ቤት-ትምህርቲ እዮም ዝሳተፉ።

ቅድም ካብ 1ይ ክሳብ 4ይ ክፍሊ ኣብ መሰረታዊ ቤት-ትምህርቲ እዮም ዝኸዱ።
ብድሕሪኡ ክፍልታት 5 ክሳብ 10 ኣብ ሓደ ቀጻሊ ቤት-ትምህርቲ ክመሃሩ።

እቲ ግዴታ ትምህርቲ ኣብ መወዳእታ ዓመተ ትምህርቲ ይውድእ፣ ቆልዓኹም መበል 18 ዕድመ ምስመልአ። ክሳብ ሽዑ ወይ ሓደ ቤት-ትምህርቲ ወይ ናይ ሞያ ትምህርቲ ወይ ድማ ኣውስቢልዱንግ ክጅምር ኣለዎ።

ቆልዓኹም ኣብ ኩሎም ፍጻሜታት ቤት-ትምህርቲ ውን ክሳተፍ ኣለዎ።

ብሕልፊ

- **ትምህርቲ ስፖርትን ምሕምባስን፣**
- **ትምህርቲ ሃይማኖት / አቲክ*፣**
- **መገሻታት ክላስ**

  ከምኡ'ውን

- **ጉዕዞታት ክላስ።**

* ኣብ ትምህርቲ ሃይማኖት / አቲክ ብዛዕባ ኣየኖት ሃይማኖታት ከምዘለውን ኣየኖት ልምድታት ኣብ ሕብረተሰብና ከምዘለውን ይዝተ እዩ። ሽዑ ብክርስትያናዊ ሃይማኖት ዝኸይድ ኣተዓባብያ ድማ ዕላማ ኣይኮነን።

# ስርዓተ ትምህርትን ኣደብን ኣብ ቤት-ትምህርቲ

መሰረት ናይ ሓባር ምንባር ከምኡ'ውን ናይ ሓባር ምምሃር ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሕጊ ቤት-ትምህርቲ ዞባ NRW እዩ። ካብኡ ንየው ኣብ ኩሉ ቤት-ትምህርቲ ግድነታዊ ስርዓተ ትምህርቲ ኣሎ። ኣብኡ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ እንታይ ፍቑድ እንታይ ክልኩል ከምዝኾነ ከምኡ'ውን ሓድሕዳዊ ምኽብባር እዩ ተጻሒፉ።

ብሓፈሽኡ ዝስዕብ ይብቑዕ፥

- **ብኣኽብሮትን ሕያውነትን ትሕትናን ኢና ንረኻኸብ።**
- **ኣዋልድን ኣወዳትን፣ ኣንስትን ሰብኡትን ማዕረ መሰል ኣለዎም!**
- **ኩሉ ሰብ ከምቲ ዘሎ/ዘላ ክኽበር ኣለዎ!**
- **ኣካላታውን ዘረባውን ጐነጽ ክልኩል እዩ። ሽግራትን ግጭታትን ብሓባር ብህድኣት ክፍታሑ ይከኣሉ።**

ነቲ ስርዓተ ትምህርቲ ናይቲ ቤት-ትምህርቲ ቆልዓኹም ኣብ ምዝገባ ወይ ኣብ ሰክረታሪ ቤትጽሕፈት ክትወሃቡ ኢኹም።

Vielfalt lieben

# ምሕባር ሕማም / ይቕሬታ

ቆልዓኹም ግዜ እናኣኽበረ ናብ ቤት-ትምህርቲ ክኸይድ ከምኡ'ውን ብምልኡ ኣብ ትምህርቱ/ታ ክሳተፍ ኣገዳሲ እዩ።

ቆልዓኹም እንተ ሓሚሙ፣ ኣብ ሽዑ መዓልቲ ቅድመ ፋዱስ ነቲ ቤት-ትምህርቲ ደዊልኩምሉ ቆልዓኹም ከምዝሓመመ ትሕብሩ። ምስ ሓወየ ድማ ጽሑፋዊ ይቕሬታ/ምኽንያት ንከቕርብ ሃብዎ ኢኹም።

ቆልዓኹም ኣብ ሕማም ከመይ ጌርኩም ምኽንያቱ ከምትገልጹ ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ገጽ ክትፈልጡ ኢኹም።

ኣብ ፍሉያት ፍጻሜታት፣ ከም ሃይማኖታውያን በዓላት ወይ ባህላውያን ፈስታታት፣ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ቅድሚኡ ጠለብ ብኩራት ክግበር ይከኣል እዩ።



## ዝርርብ ተሌፎን ኣብ ቤት-ትምህርቲ

*ሰላም! ስመይ _______ እዩ።*
*ኣነ ናይ _____(ስም) ኣቦ/ ኣደ እዩ።*
*ንሱ/ ንሳ ኣብ ክፍሊ ክላስ ናይ ኣቶ/ወይዘሮ _____ (ስም መምህር) እዩ ዝሳተፍ/እያ ትሳተፍ።*
*ቆልዓይ ሓሚሙ እዩ።*
*ምናልባት ንሱ/ ንሳ ጽባሕ ኣብ ___ (ዕለት) ኣብ ቤት-ትምህርቲ ክምለስ እዩ።*
*ኣዚና ነመስግነኩም። ብሰላም የራኽበና።*

Hallo! Mein Name ist _______.
Ich bin der Vater/die Mutter von _____(Name).
Er/Sie geht in die Klasse von Herrn/Frau _____ (Name der Lehrkraft).
Mein Kind ist krank.
Wahrscheinlich kommt er/sie morgen/am ___ (Datum) wieder in die Schule.

Vielen Dank. Auf Wiedersehen.

## ጽሑፍ ይቕሬታ ነቲ ቤት-ትምህር

*ወደይ/ጓለይ ____________ (ስም)*
*ኣብ ______ (ዕለት) ቤት-ትምህርቲ ክ(ት)ሳተፍ ኣይክእልን ኔሩ፣*
*ሓሚሙ/ማ ስለዝነበረ/ ነበረት።*

*ናይዚ ድማ ይቕሬ በሉ ብኽብረትኩም።*

*ክታም*

*Mein Sohn/Meine Tochter ___________ (Name)*
*konnte am ______ (Datum) nicht zur Schule kommen,*
*weil er/sie krank war.*

*Ich bitte Sie dies zu entschuldigen.*
*Unterschrift*

# ኣቕሑ ቤት-ትምህርቲ

ዝበቕዕ ማሕደር ቤት-ትምህርቲ ዝኣትዉን ኣቕሑ ቤት-ትምህርቲ ኩሉ መዓልቲ የድልዮ እዩ፣

ዝስዕብ ነገራት ንኣብነት፡-

- **ንእሽቶይ ሳጹን መጽሓፊ**
  ምስ ርሳሳት፣ መብልሒ ርሳስ፣ መደምሰሲ፣
  ሕብራውያን ቢሮታት፣ መጽሓፊ ክንቲት፣
  መመልኢ ቀለም፣ መዕቀኑ መስመር።



- **ነቶም ኣብ ሽዑ መዓልቲ ዝምሃሩ ሱብጀክታት ዝኾኑ ጥራዛትን መጻሕፍትን።**
  ኣብቲ ናይ ግዜ መደብ፣
  ኣየናይ ሳብጀክት ኣብምንታይ መዓልቲ
  ከምዝፍጸም ክትፈልጡ ኢኹም።
  ንዕዮ ገዛ ድማ ኣስተውዕሉ ኢኹም!




- **ቁርስን ሓደ መስተን።**

ብዘይካ'ዚ እንታይ ከምዘድልዮ ካብ መምህሩ/ራ ክፈልጥ እዩ።

# ቁርሲ ጥዕና

ጥዑይ ቁርሲ ኣብ ገዛ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ዕረፍቲ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ኣገዳሲ እዩ፣ ቆልዓኹም ጽቡቕ ክመሃር መታን ክኽእል።

እዚ ቁርሲ'ዚ ውሑድ ሽኮርን ስብሕን ክሕዝ ኣለዎ።
ከምኡ ክመስል ምኽኣለ፡-



መስተታት ኣገደስቲ እዮም! ብዝበለጸ እዚ ንቆልዓኹም ሃቡ፡-

**ማይ፣ ጽማቕ ምስ ጋዝ (ሾርለ) ወይ ሻሂ።**

ብኽብረትኩም ለሞነይድ ከም ኮካ ወይ ኣይስ-ቲ ኣይትሃቡ።

# ናይ ደገፍ ኣማራጺታት ወለዲ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ

ወለዲ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም! ስለዚ እቲ ቤት-ትምህርቲ ብዛዕባ ምትሕብባርኩምን ተሳትፎኹምን ተሓጐሱ'ዩ! ብኸምኡ ንቆልዓኹም ኣብ ትምህርታዊ ምዕባለኡ ትሕግዝዎ ኢኹም።

ሓደክልተ ክፋላት እንህለው፦

- ሓገዝን ቍጽጽርን ዕዮ ገዛ

- ጥራዝ ዕዮ ገዛ ዕማማት እዩ ዝሕዝ፣ ቆልዓኹም ነዚኦም ዕማማት ኣብ ገዛ ከስልጦም ኣለዎ፣ ከምኡ'ውን ሓበሬታን ደብዳበታት ወለዲ እዩ ዝሕዝ። ንምልውዋጥ ኣብ መንጎ ንስኹምን መምሃራንን ክዝውተር ይኽእል እዩ። ኩሉ መዓልቲ ነቲ ጥራዝ ረኣዩዎ ኢኹም ብኽብረትኩም!

- ግላዊ ወይ ተሌፎናዊ ምልውዋጥ ምስቶም መምሃራን ብዛዕባ ትምህርታዊ ውጽኢታትን ኣደብ ቆልዓኹምን ከምኡ'ውን ፍሉይ ነገራት ኣብ ስድራ ኣገደስቲ እዮም። እንተላይ ንመምሃራን ወይ ኣብ ህጹጽ ኩነታት መታን ክትርከቡ፣ ዝኾነ ቅያር ኣድራሻ ወይ ተሌፎን ብዝቐልጠፈ ንቤትጽሕፈት ሰክረታሪ ቤት-ትምህርቲ ሓብሩ ብኽብረትኩም።

- ተሳትፎ ኣብ ፍጻሜታት ቤት-ትምህርቲ ከም
    - ፈስታታት ቤት-ትምህርቲ፣
    - ኣኼባታት ወለዲ ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም! ኣብዚ ሓበሬታ መምሃራን ብዛዕባ ትምህርታዊ ምዕባለ ቆልዓኹም ክትወሃቡ ኢኹም፣
    - ኣብ ናይ ወለዲ ኣኼባታት ወለድን መምሃራን ክላስን ይራኸቡ እዮም ከምኡ'ውን ብዛዕባ ኣርእስታትን ፍጻሜታትን ይዛተዩ፣ ከም ፈስታታት ወይ መገሻታት ነቲ ክላስ።

**ሓገዝኩም ኣበይ ከምዘድሊ ነቲ/ነታ መምህር ክላስ ክትሓቱ ኣይትፍርሑ።**

እቲ ቤት-ትምህርቲ ደሞክራስያዊ ትካል ስለዝኾነ ንስኹም ወለዲ ዋላ ብዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ርእይቶ ክትህቡን ክትመርጹን ይፍቐደልኩም እዩ። ነዚ ዝስዕቡ ኮመታት/ሽማግለታት ኣለው፡-

- **ምክንኻን ክላስ**
  (ዝተቐረቡ ኣርእስትታት ነቲ ክላስ ክዝተዩ)
- **ምክንኻን ቤት-ትምህርቲ**
  (ዝተቐረቡ ኣርእስትታት ነቲ ቤት-ትምህርቲ ክዝተዩ)
- **ዋዕላ ቤት-ትምህርቲ**
  (ኣብዚ ሰፊሕን ኣገደስትን ውሳነታት ነቲ ቤት-ትምህርቲ ክግበሩ እዮም)



# ደገፍ ኣብ ገዛ

ንቆልዓኹም ኣብ ገዛ ከመይ ጌርኩም ትሕግዝዎ ሓደክልተ ድርኺታት ክንህበኩም ንደሊ፣ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሓያል ምእንቲ ክኸውንን ክተርፍን።

**ተገዳስነት ኣብ መዓልቲ ቤት-ትምህርቲ፡-**
ንቆልዓኹም ግዜ ውሰዱ ኢኹም ከምኡ'ውን ምሳኹም ክዛረብ ከሎ ረኣዩዎ ኢኹም።

ክመጽኡ ዝኽእሉ ሕቶታት፡- **መዓልቲ ከመይ ኔሩ፧**
**ዕዮ ገዛ ኣለካ ዶ፧ ከመይ ዝኣመሰሉ፧**
**ካብቲ መምህር ሓበሬታ ተዋሂቡ ዶ፧**

ኩሎም ናውትታት ነቲ ዝመጽእ ዘሎ መዓልቲ ቤት-ትምህርቲ ብምሉእን ስሩዕን ከምተጠርነፉ ኣብቲ ማሕደር ቤት-ትምህርቲ ረኣዩ ኢኹም።

ንቆልዓኹም ኣብ መበእታዊ/መሰረታዊ ቤት-ትምህርቲ ኣብ መንገዲ ቤት-ትምህርቲ ኣሰንዩ ኢኹም።

**ዕዮታት ገዛ፡-**
ምዱብ ኣከያይዳ መዓልቲ ግበሩ ምስ

- ጭቡጥ ግዜታትት፣
- ህዱእን ስሩዕን ከባቢ (ቲ.ቪ.፣ ሞባይል ኣጥፍኡ)፣
- መዓልታዊ ኣብ ጥራዝ ዕዮ ገዛ እንታይ ክግበር ከምዘለዎ ረኣዩ ከምኡ'ውን ኣገደስቲ መልእኽትታት ኣብኡ ከምተጻሕፉ፣
- ንቆልዓኹም ኣብ ሽግራት ሓግዝዎ ኢኹም፣
- ምናልባት ተወሳኺ ብሕታዊ ሓገዝ ትጠልቡ (ገንዘባዊ ሓገዝ ብናውቲ BUT፣ ገጽ 14 ረኣ)።

## ንጥፈታት ግዜ ዕረፍቲ፡-

ምስ ቆልዓኹም ብዙሕ ተዛረቡን ተጻወቱን ኢኹም ከምኡ'ውን ሓባር፣ ንዕድመ ዝበቕዕ ንጥፈታት ግበሩ፣ ንኣ. መጽሓፍ ንድቃስ ኣንብቡሉ/ላ፣ ምብጻሕ ቤት-መጻሕፍቲ፣ መጻወቲ ሜዳ፣ ...

ኣተሓሕዛ ምስ ካልኦት ቆልዑ ንቆልዓኹም ጽቡቕ እዩ። ንኣ. ኣብ ማሕበር ስፖርት፣ ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃ፣ ቤት-ትምህርቲ ጥበብ ምስኣል ወይ ኣብ ዚኣመሰለ ከተመዝግብዎ ትኽእሉ (BUT)።

ምስ ዕድመ ዝሰማማዕ ጸወታታት ኮምፒተርን ፊልምታትን ኣስተውዕሉ!

**ቆልዓኹም ብዙሕ ድቃስ የድልዮ (ዝያዳ 8 ሰዓት)፣ ንኅሆ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ንጡፍ መታን ክኸውን።**



# ሓገዛትን ኣማኽርትን

## ጥቕላል ትምህርትን ተሳትፎን (=BUT)

እዚ ካብ ፈደራላዊ መንግስቲ ዝመጽእ ገንዘብ እዩ ን ካብ ውሑድ ደሞዝ ዘለዎም ስድራታት ዝመጹ ቆልዑትን መንእሰያትን።

ብእኡ ተሳትፎ ኣብ ጉዕዞታት ክላስ፣ ሓባር ምሳሕ ኣብ ኪታ (መእለዪ ቆልዑ) ወይ ቤት-ትምህርቲ፣ ተወሳኺ ብሕታዊ ትምህርቲ ወይ ምስታፍ ኣብ ስፖርትን ጸወታን ሙዚቃን ኣብ ማሕበር ወይ ካልእ ዝበቕዕ ውድብ ይከኣል እዩ።
እቶም ተቐበልቲ ገንዘብ ሽቕለተ-ኣልቦ (Arbeitslosengeld II)፣ ማሕበራዊ ገንዘብ፣ ማሕበራዊ ሓገዝ/ ድሕንነት፣ ተወሳኺ ገንዘብ ቆልዑ ወይ መንበሪ ገንዘብ፣ ካብ BUT ዝመጹ ናውትታት ኣብ ጆብሰንተር ወይ ቤትጽሕፈት ሶሽያል ክጠልቡ ይኽእሉ። ቤት-ትምህርትኹም (መምህር ክላስ፣ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ቤት-ትምህርቲ፣ በዓል ሰክረታሪ) ቀጺሎም ክሕግዙኹም ይፈትዉ።

## ጨንፈር ኣገልግሎት ንጉዳያት ቤት-ትምህርትን ስድራን

Schulpsychologischer Dienst für den Kreis Viersen

ወለድን ተመሃሮን ኣብ ዝኾኑ ብዛዕባ ቤት-ትምህርቲ ዘርእስቱ ጸገማትን ሕቶታትን ነቲ ዘባዊ ጨንፈር ምኽሪ ቤት-ትምህርቲ ንዘባ Viersen ክውከሱ ይኽእሉ እዮም። ናይ ምኽሪ ቆጸራታት ብመደብ ይግበሩ እዮም።

**ግዜታት ሰክረታሪ፦**
Rathausmarkt 3, 41747 Viersen

**ኣድራሻን ርክብን፦**
Telefon: 02162 - 39 1484
Montag-Freitag: 9.00 – 16.00 Uhr

**Internet**
kreis-viersen.de/de/inhalt-51/schulpsychologischer-dienst/

KREIS VIERSEN

Kommunales Integrationszentrum Kreis Viersen

## ርክብ/ኣድራሻ

Kreis Viersen
Sozialamt – Kommunales Integrationszentrum
Rathausmarkt 3
41747 Viersen

www.kreis-viersen.de

Gefördert durch:

Ministerium für Kinder, Familie, Flüchtlinge und Integration des Landes Nordrhein-Westfalen

Ministerium für Schule und Bildung des Landes Nordrhein-Westfalen

KOMM-AN NRW

## ሕጋዊ ሓበሬታ

Herausgeber: Kreis Viersen – Der Landrat
Redaktion: Kommunales Integrationszentrum und Pressestelle
Druck: Hausdruckerei
Stand: Juli 2019
Fotos: © S. 9, 10: Kommunales Integrationszentrum Viersen;
S. 6: SoR-SmC; alle weiteren: pixabay (www.pixabay.com)

Konzept, Texte und Übersetzungen
mit freundlicher Genehmigung
des Kreis Minden-Lübbecke
Portastr. 13, 32423 Minden
Tel.: 0571/807-0
www.minden-luebbecke.de

Mühlenkreis MINDEN-LÜBBECKE

Kommunales Integrationszentrum Kreis Minden-Lübbecke